ናብ፡ ዝኸበርካ/ኪ/ኩም_______________________________________________

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝወረዶ ኣርዑት መግዛእትን ሕሰምን ንምንጋፍ፡ ንኣስታት 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ፡ ልኡላውነት ሃገሩ ኣረጋጊጹን ኣውሒሱን። ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!! ሞጎስ ንኹሉ ኣብቲ ቃልሲ ዝተሳተፈ ሕብረተሰብና።

ህዝብና፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዙሓት ዓበይቲ ንህላዌኡ ዝፈታተኑ ብድሆታት ኣጋጢምዎ ከምዘሎ ንኹሉ ብሩህ ኢዩ። ንሕጂ ከም ኣገዳሲ ኣርእስቲ እነልዕሎ ዘሎና ግና፡ እዚ "ኣብ በረኻታት ሲናይ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ኤርትራውያን" ዝፍጸም ዘሎ ጨካንን ኣስካሕካሕን ኩነታት እዩ።

ህዝብና፡ ጠንቅን ሳዕቤንን ናይዚ ጉዳይ'ዚ ክርዳእ ይግባእ። ምኽንያቱ፡

- ንዘጋጥም ዘሎ ኩነታት ብደቂቕ ክንርድኦ ምስእንኽእል ጥራይ ኢና፡ ፍታሕ ክንረኽበሉ እንኽእል
- ናይ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ደገፍን ምድንጋጽን ሓጋዚ ተራ ይህልዎ እምበር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሽግር፡ ብቐንዱ ብኤርትራውያን ጥራይ እዩ ፍታሕ ክርከቦ ዝኽእል፡፡

ስለዚ ነዚ ኣገዳሲ ኣርእስቲ'ዚ ኣልዒሎም ክልተ ላዕለዎት ተመራመርቲ ማለት

- ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ጭሩም፡- ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰላት: መደበራ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝኾነት
- ፕሮፈሰር ዳን-ኮነልን ፡- መምህር ኣብ Simmons College - Boston

መግለጺ ክህቡ ስለዝኾኑ፡ ኣብዚ ኣገዳሲ ኣኼባ'ዚ ክትሳተፍ/ፊ/ፉ ብኽብሪ ንዕድም። ብድሕሪኡ፡ ነዚ ጉዳይዚ ኣመልኪትና፡ ሕብረተሰብ ዓለም ነዚ ዘጋጥም ዘሎ ኩነታት ጠጠው ኣብ ምባል ግቡእ ሓላፍነቱ ከልዕልን፡ ንግዳያት ናይዚ ጉዳይ'ዚ ዝኾኑ ክፋል ሕብረተሰብና ከኣ ኩለንትናዊ ደገፍ ክግበረሎምን፡ ብሓባር መጸዋዕታ ከነቕርብ መደብ ሓንጺጽና ስለዘሎና፡ ኩሉ ሓላይ ህዝብን፡ ተቓዋሚ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ህዝብናን ዝኾነ፡ ኣብዚ ኣገዳሲ ኣኼባ ክሳተፍ ብኽብሪ ንዕድም።

**ዕለት፡ ቀዳም 19 ጥሪ 2013 (Saturday January 19, 2013)**

**ቦታ፡ ኣብ "ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ቦስቶንን ከባቢኣን"**
**(Eritrean Community Center)**
**590 Shawmut Ave. Roxbury MA 02118**

**ሰዓት፡ ካብ ሰዓት 5 -7 ድሕሪ ቀትሪ (5 to 7 PM)**

ኣወሃሃዲት ኮሚቴ ቦስቶን

<u>ተወሳኺ ሓበሬታ፡</u> ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ብቴሌፎን 857 334 3052 ተወከሱ።